# ካቶሊካዊ ዘስርዓተ-ግዕዝ ቊምስና ቅዱስ ያዕቆብ ዩስጢኖስ ኣብ ሰበኻ ሮተንቡርግ-ስቱትጋርት“

*ቅዱስ ያዕቆብ በዓል ዩስጢኖስ ብ09 ጥቅምቲ 1800 ኣብ ቊሾት ቅዱስ ፈለ ዝተባህለ ከባቢ ከተማ ናፖሊ ሃገረ-ጣልያን ተወሊዱ፣ ብዕለት 31 ሓምሌ 1860 ዓመተምሕረት ብኣቈጻጽራ ጎርጎርዮስ፡ ኣብ በረኻ ናይ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ናይ ሎሚ ነፃ-ሃገረ-ኤርትራ ኣብ ዚኾነት፡ ዞባ-ደቡብ ኣብ ዝተሰምየ ክፍሊ፡ „ዓልገደ“ ዝተባህለ ቦታ ዓረፈ። ቅዱስ ያዕቆብ በዓል ዩስጢኖስ፡ ኣብ መፋርቅ 19 ክፍላ-ዘመን፣ ኣብ ናይ’ቲ ዘመን’ቲ „ኣብሲንያ“ ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣብ ዝነበረሉ ኣፍሪቃዊ-ሃገር፡ ክብድ ዝበለ-ኩነታት ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ናይ መጀመርያ ካቶሊካዊ-እምነት ክተክል ዕድል ረኸበ። ንሱ ብ1824 ዓመተምሕረት ኣባል ማሕበር ላዛሪስት ብምዃን መዓርገ-ክህነት ተቀቢሉ፡ ክሳብ 1839 ፈርያም ዚኾነ ሓዋርያዊ ተልእኮኡ ኣብ ከባቢ ቦታ ትውልዱ ዚኾነት ከተማ-ናፖሊ ኣገልገለ። ብልክዕ ዓመት ከዓ፡ ብፍቃድን ድላይ ኣሕሉቁን ንዓዲ-ሓበሻ (ኣብሲንያ) ተላእከ። በ1847 ዓ/ም ሓዋርያዊ-መስተናብር፡ ድሕሪ ክልተው ዓመት ማለት፡ ብ1849 ከዓ ኣቡን ኰይኑ ክስየም በቅዐ። ኣብ ዕለታዊ ኣከያይዳኡ፡ እቱይ ዝዓበየ ርኡይ ዓወት ዚነበረ ከዓ፡ „ብኲልንትናኡ ንሕዝበ-ሓበሻ መሲሉ ክጕዓዝ ምርካቦም’ዩ“ ነይሩ። እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ-ግን፡ ካብ ገለ-መራሕትን፡ ኣመንትን፡ ዕንቅፋትን፡ ጸቢብ ኣመለኻኽታ ዘሎዎ ሰብኣዊ-ቅንእን ኣይተሳእነን ማለት ኣይኮነን። ከምኡ ብምንባሩ ከዓ፡ ካቶሊካዊ-እምነት ብምስባኹ፡ ማእሰርትን፡ ስደትን፡ ክንሕፎ ኣይተረኽበን። መበል 60-ዓመት ንክመልእ ኣዋርሕ ተሪፉዎ እንከሎ ከዓ ምድራዊት ሕይወቱ ተቛጽየት። ያዕቆብ በዓል ዩስጢኖስ ብ1939 ዓ/ም ብፁዕ ተባህለ፤ ብ26 ጥቅምቲ 1975 ዓ/ም ከዓ፡ ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ጳውሎስ ሻድሻይ ቅድስናኡ ብዕሊ ካብ መንበር ጴጥሮስ ንመላእ-ዓለም ተኣወጀ።

## „ሓጺር ባይታ ናይ ቊምስናና“

*ካቶሊካዊ ዘስርዓተ-ግዕዝ ተባሂሉ ዝስመ „ቊምስና ቅዱስ ያዕቆብ ዩስጢኖስ“ ኣብ ሰበኻ ሮተንቡርግ-ስቱትጋርት፡ ደቡባዊ ክፍሊ ናይ ሃገረ-ጀርመን ዝርከብ፣ ካብ 1985 ዓ/ም ኣትሒዙ ከም „ሚስዮን“ ኰይኑ ዚተተኽለ፣ ካብ 2006 ዓ/ም ኣትሒዙ ከዓ ናብ ደረጃ „ቊምስና“ ክብ ዝበለ’ዩ። እቲ ሚስዮን’ቲ እግሪ ንክተክል ብሰበኻና ሰበኻ-ሮተንቡርግ-ስቱትጋርት ዕድል ምስ-ተኸፍተሉ፡ ናይ ፈለማ ጓሳኡ ኰይኖም ክመርሕዎ ንክርከቡ ሓላፍነት ዝተሰከሙ ካህን፡ ነፍሶም ይምሓር „ኣባ ተስፋጊዮርጊስ ትጃር“ እንክኾኑ፣ ድሕሪኡም ካብ 1994 ዓ/ም ኣትሒዙ ኣብ ሓላፍነት ዝርከቡ ከዓ „ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ“ ምኳኖም’ዮም።

„